**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ** **حزب النهضة الإريتري**

**Eritrean Nahda Party**

# *መግለጺ*
# *ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ*
# *ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 57 ዓመት ባሕቲ መስከረም*
# *ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ*

***<u>ኣብ ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡</u>***

*ኤርትራ ሃገርና ከም ናጻ ሃገር መጠን ኣብ ካርታ ዓለም ካብ እትሰፍር ዓመታት ኣቑጺራ እኳ እንተሃለወት ፡ ምህላዋ ኣብ ወረቐት ጥራይ ካብ ምዃን ሓሊፉ ግን ኣብ ነብሳ ይኹን ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ዘመዝገበቶ ብኣወንታ ክጥቀስን ፡ ዝኾነ ኣፍካ መሊእካ ክትዛረበሉ እትኽእልን ዝተሰርሐ ቁምነገር የልቦን ፡ እዚ ክኸውን ዝኸኣለ ድማ ብድኽመት ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነ ፡ እንታይ ዳኣ ፡ ብተንኮል ናይ’ቶም ንሃገር ክመረሑ ዘይበቕዑ ክንሶም ከም ብቑዓት ተመሲሎም ነቲ ዘይበቕዑዎ ልዕሊ ዓቕሞም ዝኾነ ሃገራዊ ሓላፍነት ብሓይሊ መንዚዖም ንግዚኡ ዝወነንዎ ስልጣን ፡ ኣንፈቱ ኣስሒቶም ንሃገርና ኤርትራ ብገደል የጽድፉዋን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ይእትውዋ ምህላውም እዩ ።*

*እዞም ሎሚ ብህግደፍ ዝፍለጡ ዘለዉ ኣረሜናውያን ፡ ካብ ፈለማ ኣትሒዞም እንክሜጭሑ ፡ ብጀካ ንሰይጣን ዘሐጉስ ስራሓ ምስራሕ ፡ ካልእ ብጽቡቕ ክዝከር ዝኽእል ቅንጣብ እውን ትኹን እወንታዊ ስራሕ ኣይሰርሑን ጥራይ ዘይኮነ ፡ ነቲ ቅድሚኦም ብገዛእቲ ስርዓታት ዝተሃንጸ እቲ ዝርካቡ ትሕተ ቅርጺ ሃገርና እውን እንተኾነ ኣደስኪሎምን ኣዕንዮምን እዮም ዝርከቡ ። ዘይሓሰብካዮ ርኸብ ኣይመርገም ኣይምረቓ ከም ዝበሃል ህዝቢ ኤርትራ ዘይሓሰቦ እዩ ረኺቡ ። ደቀይ ኢሉ ብግርህና ባቡ ዘርሓወሎም ጠላማት ኣረሜናውያን ፡ ተመጻዲቖም ኣብ ቀጽሩ ምስ ኣተዉ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክንድ’ቲ ሰናይ ተግባሩ ፡ ኣምሳይሉ ገሪፎምን ቀቲሎምን ኣባሪሮምን እዮም ።*

*ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኩለንተናዊ በደል ብተደጋጋሚ ከውርድ ይርከብ ። ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ገፊዕዎ ፤ ኣድኪይዎ ፤ ኣጥምይዎ ፤ ኣሲርዎ ፤ ባህዱልዎ ፤ ቀቲልዎ ፤ ኣባሪርዎ ከይኣክል ሕጂ ውን ብምስምስ ናይ ሰላም ምሽቀጢ ሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣእትዩ ይርከብ ኣሎ።*

ንድሕሪት ምልስ ኢልና ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ምስ እንዕዘብ ፡ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ስርዓታት ንኤርትራ ክገዝእዋ እንከለዉ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብተጻዋርነት ንነዊሕ ግዜ ድሕሪ ምጉዓዝ ፡ ትዕግስቱ ኣብ ዝጸንቀቐሉ እዋን ግን ፡ በቃ . ሎሚ ይኣክል ፡ ዓመጽኩም በደልኩምን ድሕሪ ሕጂ ኣይክንጻወሮን ኢና ብምባል ናብ ኣንጻር ገዛእቲ ዝቐንዐ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣካይደ ፈረ ኣብ ዘይረኸበሉ እዋን ፡ ከም ኣማራጺ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ክጽመድ እዩ ወሲኑ ።

ከም ውሳኔኡ ድማ <u>ኣብ መስከረም 1 / 1961 ብጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝፈለመ ጎነጻዊ ቃልሲ ናይ ፈለማ ጠይት ኣብ ጉቦ ኣዳል ኣበገሰ</u> ፡ኣብ ታሪኽ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ወትሩ ብኽብረት እንዳ ተዘከረት እትነብር ጽንዓትን ጅግንነትን ህዝቢታት ኤርትራ ዝኾነት ዕለት ኢያ። ድሕሪ ናይ ሰላሳ ዓመት ደማዊ ቃልሲ እውን ናጽነት ሃገሩ ዘመስከረላ ክብርቲ ባሕቲ መስከረም ሓድ ኢያ።

ሎሚ እውን እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ ከም'ቲ ሕሉፍ ታሪኹ ዝምስክሮ ፡ ለባምን መስተውዓልን ከም ምዃኑ መጠን ሓድነቱ ኣደልዲሉ ነቲ ብህግደፍ ዝተጠልመ ሕድሪ ጀጋኑ ሰዉኣት ክውን ንምግባርን ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወርድ ዘሎ ኩለንተናዊ ግፍዒ ብምቅዋምን ፡ ድምጹ ኣሕቢሩ ብዓውታ፡ በቃ ግፍዒ ይኣክል ንኽብል መድረኽ ኣትሪሩ ይጠልቦ'ሎ።

ጅግና ስዉ'እ ሓምድ ኢድሪስ ዓወተ ዝፈለሞ ብረታዊ ቃልሲ  ናይቶም በኣሻሓት በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ስዉ'ኣትና ሕድሪ ንምትግባር ሃገር ካብ ወዲቃቶ ዘላ ንምድሕን ትማሊ ዕለት 31 ነሓሰ 2018  ህዝብና ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት  ኣብ ጅኒቫ ብምርካብ ኣንጻር ዲክታቶራዊ ስርዓትን ብሰላማዊ ስልፊ ዘካይዶ ምሉ'እ ደገፍና ነቅርብ።

በዚ ኣጋጣሚ መስከረም ሓደ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብስዉ'እ ጅግና እድሪስ ሓመድ ዓወተ ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ንኩሉ ፍልልያቱ ገዲፉ ሓድነቱ ኣረጋጊጹ ነዚ ስርዓት እዚ ፎ ክብሎን ሃገርናን ህዝብናን ክነድሕን ናይ ሓባር  ቃልሲ ክነካየድ ስልፊ ናህዳ ኤርትራ ጻውዒትና ነቅርብ።

ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ተሰሪቑ ፡ ኣብ ሃገርና ግፍዕን ዓመጽን ነጊሱ ክሳብ ዘሎ ቃልስና ቀጻሊ ምዃኑ ብምኽንያት መዓልቲ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ቃልና ነሐድስ።

***1 መስከረም ንዘልኣለም ትዘከር***
***ዝኽርን ክብረን ንሰማእታትና***
***ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ናይ ግድን'ዩ***

ስልፊ ናህዳ ኤርትራ
ክ/ዜና - 1/9/2018